ክታበት COVID-19

# ሓቅታት ርኸብ።

## ሓጋዚ ኽታበት

ሕጂ ዕድሜኦም 5ን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ክኽተቡ ይኽእሉ

## ክታበታት COVID-19 ውጽኢታዊ እዩ

ክታበታት COVID-19 ብብርቱዕ ከይንሓምም፡ ሆስፒታል ከይንኣቱ፡ ሞት ከየስዕብ ይከላኸል። እዋናዊ ኽታበታት COVID-19 እንተላይ ብቑዕ ምስ ኰንካ ሓጋዚ መበርትዒ ኽታበት ምኽታብ ዝለዓለ ዕቑባ ንኽትረክብ ኣገዳሲ እዩ።

## ሓጋዚ ኽታበት ውሑስ እዩ

ሓጋዚ ኽታበት COVID-19፡ ከምቲ ኣብቲ ንብኣማእታት ሚልዮናት ዝዄጸሩ ሰባት ውሑስ ከም ዝኾነ እተረጋገጸ ናይ ፈለማ ኽታበታት ዝርከብ ትሕዝቶ ኣለዎ። ቀሊል ጐድናዊ ሳዕቤን ከጋጥም ንቡር እዩ። ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤን ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም።



## ሓጋዚ ኽታበት ድማ ውሑስ ኳንካ ኽትጸንሕ ይሕግዘካ።

ሓጋዚ መበርትዒ ኽታበታት፡ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ድሕሪ ምውስድካ፡ ካብ COVID-19 ተሓሊኻ ንኽትጸንሕ ዝሕግዝ ክታበታት እዩ።

ሓያሎ ኽታበታት፡ ሓጋዚ መበርትዒ ኽታበት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ክታበት ቴታነስ እተኸትቡ ዓበይቲ ሰባት ኣብ 10 ዓመት ሓጋዚ ኽታበት የድልዮም እዩ።

ተመራመርቲ፡ ሓደሓደ ኽታበታት ኣብ ገሊኡ ሰብ ድሕሪ ግዜ እቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ስለ ዝንኪ፡ ሓጋዚ ኽታበት ከም ዝከላኸለሉ ፈሊጦም እዮም። ሓጋዚ መበርትዒ COVID-19 ብተመሳሳሊ መገዲ እዩ ዝዓዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus

# ሓጋዚ ኽታበት መን ክኽተብ ይኽእል

ሓጋዚ ኽታበት ንጥዕና ኹሉ ሰብ ተወሳኺ ምክልኻል ይገብር እዩ፡ ኲይኑ ግና ብሰንኪ ኹነታት ጥዕናኦም፡ ስራሖም ወይ ኣነባብራኦም COVID-19 ክሕዞም ወይ ብጽኑዕ ክሓሙ ዝለዓለ ዕድል ንዘለዎም ሰባት ዝያዳ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ናይ መንበሪ ወረቐትካ ወይ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ይሃልወካ ኣይሃልወካ ብዘየገድስ፡ ሓጋዚ ኽታበት ብናጻ እዩ ዝውሃብ፡፡



## ካብዚ ዝዛይድ መከላኸሊ ርኸብ

ንስድራ ቤትካን ንማሕበረሰብካብ ንገዛእ ርእስኻን ካብ COVID-19 ክትከለኽለሉ እትኽእል እቲ ዝበለጸ መገዲ፡ እዋናዊ ኽታበታት ብምውሳድ እዩ፡፡ እዋናዊ ኽታበታት ምኽታብ ማለት፡ ንኹልቴኡ ኽታበታት ምኽታብን ብቑዕ ዝኾንካሉ ዝኾነ ሓጋዚ መበርትዒ ምኽታብ ማለት እዩ፡፡

ማስክ ምግባርካን ኣካላዊ ርሕቀት ምሕላውካ ኣይተቋርጽ፡ ከምኡ እውን እንተ ሓሚምካ ንኻልኦት ምእንቲ ኸይተላግበሎም ካብ ገዛ ኣይትውጻእ፡፡

# ጥዕናኻ ሓሉ፡፡ ጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ፡፡ ተኸተብ፡፡

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus